## ካብ ዕላላት ወርሓዊ ድራር መኸተ እተሰርቀት ወግዒ...

"**እዚ ድኣ፣ ዓለም ብዓለሙ ዝዓጠቐሉ ውራይ እንድዩ**" እያ ትብል እታ ቁዉም-ነገር፣ እዛ ምቕልልቲ መልሲ፣ ሓንቲ ካብ'ተን ኣዴታት መኸተ ጋንታ ቤሉል ዝወጸት፣ ረዛን ዘረባ እያ። ሓደ ኣብ'ቲ ወርሓዊ ድራር ብቐጻሊ ዝሳተፍ ዜጋ፣ ነታ ኣደ ኣብ ዕላሎም፣ ነቲ ተበግሶአን ብምድናቕ፣"ሎሚ ኸኣ ንኻላኣይ ግዜኽን ድራር ተዳልዋ ኣለኽን?"ኢሉ ከም ሓውሲ ምግራም ዘስምዕ ሕቶ ምስ ኣምሎቐ፣ ንሳ ድማ፣ ንሕትኡ ግዜ ከይወሰደት፣ ቅልጥፍ ኢላ፣ ነቲ ኣብ ልባ ዝነበረ ሓቀኛ እምነት፣ ብፈገግታን ብፍሕሽው ቃልትን፣ (እዚ ድኣ ዓለም ብምልኡ ዝዓጠቐሉ ውራይ እንድዩ") መልሲ ክትህቦ ዝሰምዐ፣ ኣብ'ቲ ፊቶም ኮፍ ኢሉ ዝበሃሃልዎ ዝነበሩ ዕላል ሰሪቑ ዝሰምዐ ካልእ ተሳታፊ፣ በታ ዝሃበታ ንጽህቲ ዘረባ ንሱ እውን ኣዝዩ ተመሲጡስ፣ ባህ እተብል ጠቓሚት ስርቂ ኢያ እሞ ብሓባር ክንካፈላ፣ ኩሎም ሰብ መኸተ ድማ ከስተማቕርዋ፣ እንህት። (ካብ'ቲ ልሙድ ናይ ሪፖርታጅ ኣቀራርባና፣ ንለውጢ ክኾነና ኢልና ዘስፈርናዮ ትሕዝቶ እዩ)



ስለ'ዚ ኣዴታት መኸተ፣ ምስ'ቲ ውሕሉል ኣእዳወን፣ ብልሒን ሓይልን ቃላተን እውን መዳርግቲ የብሉን።

ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ፣ ንድሕነት ሃገሩ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ጉዳይ ሰሪዑን ቀዳምነት ሂቡ ዘሰላስሎ ዘሎ ህዝባዊ መኸተ፣ ካብ ጥንቲ ዝተወራረሰ ባህሊ ኮይኑ፣ እዚ ዘሎ ወለዶ እውን ነታ ሽግ መኸተ፣ ሓቂ ብሓቂ፣ ዓለም ብዓለሙ ዝዓጠቖሉ ዉራይ፣ ከም'ቲ ዛ'ኣደ ዝበለቶ፣ ብልክዕ ከምኡ እዩ ዘሎ እቲ ሓቂ።



ነዚ ዘረጋግጾ፣ ኣዴታት ቤሉል ንኻልኣይ ግዜአን ኣብዚ ዝሓለፈ ቀዳም 27 ሚያዝያ ድራር ኣዳልየን። ብኣጋጣሚ ምስ'ቲ ቅድሚ 20 ዓመት እንገብር ዝተኣወጀ ሕጋዊ መዛዘሚ፣ ታሪኻዊ ህዝባዊ ሕርያ (ርፈረንዱም) ስለ እተጋጠመ እውን ተዘኪሩ ኣምስዩ።







ህዝቢ በቲ ምሉእ ዘይጉዱል ትሕዝቶ ዓጊቡን ኣመስጊኑን፣ ዮሃና ነዴታት መኸተ ጋንታ ቤሉል።

ኣብ ዝመጽእ ወርሓዊ ድራር መኸተ የራኽበና። ዝግበረሉ ዕለት ኣቀዲሙ ሓበሬታ ክመሓላለፍ'ዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!

መኸተና ክዕወት'ዩ!

ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን።